# ኣድሓኖም`ዮም ኢሎም`ኻ፡ ውልድ ምስበልካ
# ራኢ ኔሩዎም፡ ክትከውን ምኽንካ።







ትጽቢትና`ዩ ኔሩ፡ ክትከውን ቅርስና
ክትነብር ክትትርኽ፡ ናይ ግንባራት ውዕሎና
ንኹሉ ዝጥምት፡ ኔሩካ ልቦና
እጃምካ ስኑድ`ዩ፡ ኣብ መኸተ ገድልና።

ሓሊፉ ክበሃል፡ ኣታ ክንደይ ይሓስም
ስቓይ መውጋእትኻ፡ ንፈልጥ ካብ ቅድም
ዋላ`ኳ እንተገደፍካ፡ ዝምልኡ ዕማም
ደምበና ቆሪሩ፡ ጽላልካ`ዩ ግርም።

መስዋእቲ መሪጽካ፡ ገዲፍካ ስድራቤት
ንራህዋ ህዝብኻ፡ ሰሪዕካ ንቕድሚት
ብመጎታዊ ኣፍልጦ፡ ትመክር ትምጉት
እምበኣር ገዲፍካና፡ ኬድካ ኣቦ ጽንዓት።

በል ካብ ኮነ፡ እጃምና`ዩ ተሪፉ
ዝተጀመረ ቃልሲ፡ ክበጽሕ ምዕራፉ
ተካእቲ ኣፍሪኻ ኢኻ፡ ቦታኻ ዝሓልፉ።
ለበዋ ኣጽኒዕም፡ ዝደግሙ ዝጽሕፉ።

ሕጂ`ውን ከምትማሊ ዝቕጽል ዝሕደስ
ሓርበኛ ኣይነብርን`ዩ፡ ታሪኹ`ዩ ዝውረስ
ኣብ ዝብል እምነት፡ ኩልና ንምርኮስ
ኤርትራዊ መንነት`ዩ፡ ንድሕሪት ዘይምለስ።

በል ላዕላይ ሰማይ፡ ባዕሉ ይቀበልካ፡
ኢዱ የንብረሎም፡ ተፍቅሮም ውሉድካ
ጽንዓት ይሃብ ንኽብርቲ በዓልቲ ቤትካ
ብሓበን ዝዝከር፡ ኮይኑ`ሎ ተግባርካ።

***************

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!!

ተሸመ ወልደሚካኤል
ስያትል
ለካቲት 21, 2021